ዚንጎን ናይ ምኽዳን ቤተ ክርስቲያን መስርሕ ብምትሕብባር ኮንትራክተር ሚከለ ኢዶ (ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ እንጦንዮስ - ከረን ዚሰርሑ) ተወዲኡ።

* 2005.10.15 * ምድሪ ቤት ናይ ቤተ ክርስቲያን፡ ካብ ጊንዳዕ ብዝተጠልበ እምነበረድ ምንጻፍ ተወዲኡ።

* 2006.11.15 * ብስነ ጥበባዊ ሲኞር ፈሩቾ ዶታ፡ ብውሕሉል ኣገባብ ቤተ ክርስቲያን ቍምስና መድኀኔ ዓለም ተሸለመት።

* 2006.11.19 * ብብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ የዕብዮ፡ ምጽንባል ቍምስና ደብረ መድኃኔ ዓለም ተገብረ።



***መደብ ጽምብል***

*ቀዳም 18-11-2006*

ሰዓት 3 ድ.ቀ. - ቡራኬ ሓዳስ ቤተ ክርስቲያን
ሰዓት 4 ድ.ቀ. - ዋዜማ

*ሰንበት 19-11-2006*

ሰዓት 3.30 ንግሆ - ማኅሌት ዘሌሊት
ሰዓት 6.30 ንግሆ - መሥዋዕተ ቅዳሴ
ዑደት - ምሳሕ

*መካነ ኀውነት ደብረ መድኃኔ ዓለም - ኤደን*
*(ቍ.ሳ. 30 ከረን-ኤደን) - ቍጽሪ ስልኪ 441022*



# Consecration of the Holy Saviour Church Eden - Eritrea

***Sunday, 19 November 2006***


ማኅበር ንኡሳን ኣኃው ካፑቺን በኤርትራ
**CAPUCHIN PROVINCIAL CURIA**
**P. O. BOX 7895 ASMARA - ERITREA**
**TEL. +2911-188907 - Fax +2911-183045**
**EMAIL: capcuria@gemel.com**


# ጽ ም ብ ል

## ደብረ መድኃኔ ዓለም

ማኅበር ንኡሳን ኣኃው ካፑቺን

# ኤ ደ ን

---

ሰንበት 19-11-2006
(፲ ኅዳር ፲፱፻፺፱)

## *ሓጺር ታሪኽ ገዳምን ቤተ ክርስቲያንን ማኅበር ንኡሳን ኣኅዋት ካፑቺን - ኤደን*

* ካብ ምጅማር መበል 20 ክፍለ ዘመን ንደሓር ኣብዚ ካብ ሰናጭሮ ባልዋ ክሳብ ሩባ ዓንሰባ ዘሎ በረኻ፡ ዓዲ ዓሶን ዓዲ ኣናብርን ተባሂሉ ዚፍለጥ ከባቢ፡ ብገሊኣቶም ናይ ሕርሻ ክኢላታት ጣልያን ፍሉይ ኣቓልቦ ተገይሩሉ፡ ክሳብ ጽሕጎኡ ንመሸጣ ዚውዕል ዒቃ ይትከለሉ ነበረ።

* ካብ 1958 ንደሓር ክኢላታት ሕርሻ ስድራቤት ካሻንን ደናዳይን፡ ኣብ ዒላበርዕድ ሓደ ገፊሕ ኢንዱስትርያውን ሕርሻውን መደብ ኣውጺኦም፡ ዘመናዊ ትካል ሕርሻ ተኸሉ። እዚ ክሳብ 1982 ብስም ትካል ደናዳይ ተባሂሉ ዝፍለጥ ዝነበረ ትካል ኢዩ። ንብዙኃት ደቂ ከባብን ካብ ርሑቕ ዝመጽኡ ደቂ ሃገርን ከኣ ብመጠኑ ጽቡቕ ዕድል ናይ ስራሕን ፍልጠትን ይህብ ነበረ።

* 1962.12.17 * ኣብ ውሽጢ ትካል ሕርሻ ደናዳይ፡ ንመንፈሳዊ ኣገልግሎት ነበርትን ሰራሕተኛታትን እትጠቅም፡ ብሓልዮት ስድራቤት ደናዳይ ሓንቲ “ንቅዱስ ልቢ ኢየሱስ መድኃኔ ዓለም” ዝተወፈት ንእሽቶ ግን ከኣ ምዕርግቲ ቤት ጸሎት ተሓኒፃ፡ በዚ ዕለትዚ ብብፁዕ ኣቡነ ዘኖን ተስታ ተባሪኻ ተመረቐት።

* 1962-63 * ድሕሪ ምርቓ ቤት ጸሎት ዒላበርዕድ፡ ኣሕሉቕ ማኅበር ካፑቺን፡ ኣብዚ ቦታዚ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ምእንቲ ኪህቡ፡ ነቶም ኣብ ምሕላብ ን10 ዓመት ዝሰርሑ ኣባ ዮሴፍ ማንታይ ለኣኹዎም። ግን ብሕማም ምኽንያት ድሕሪ 3 ወርሒ ኪቕየሩ ተገደዱ።

* 1963 * ኣባ እስጢፋኖስ ብርሃነ ንኣባ ዮሴፍ ኪትክኡ ንዒላበርዕድ መጽኡ። እንተኾነ ንሶምውን ድሕሪ 3 ወርሒ መንፈሳዊ ኣገልግሎቶም፡ ሓሚሞም ኦፐረሽን ኪግበረሎም ናብ ሆስፒታል ኣተዉ። ክሳብ ሓዲስ ቀያር ዝመጽእ ከኣ ኣባ ኣንጀሊኮ ወልደጽዮን ኬጽንሑ በሕሉቕ ተመዘዙ።

* 1963.10.06 * ኣባ ታርቺዝዮ ፔሪኒ ካብ ዓሰብ ናብ ዒላበርዕድ ተቐይሮም፡ በዚ ዕለትዚ ናብ ዒላበርዕድ ኣተዉ። ቀጺሎም ኣባ ሃብተጊዮርጊስ ተስፋሥላሴ እውን ኣብ ዒላበርዕድ ተቐሚጦም ኣገልግሎት ሃቡ።

* 1968.08.11 * ኣባ እስጢፋኖስ ብርሃነ ድሕሪ 5 ዓመት ኣብ ነፋሲት ምቕማጦም ናብ ዒላበርዕድ ተቐይሮም፡ በዚ ዕለትዚ ኣትዮም። ኣብ ውሽጢ ትካል ሕርሻ ደናዳይ ዘላ ቤተ ጸሎት ንሕዝቢ ዘድሊ መንፈሳዊ ኣገልግሎት እናሃቡ፡ ሰንበተ ሰንበት ብሥርዓተ ግዕዝን ብሥርዓት ላቲንን መሥዋዕተ ቅዳሴ ንደቂ ዓድን ጸዓዱን ይቕድሱሎም ነበሩ። ኣብቲ ከባቢ ዝርከባ ካህን ዘይነበረን ዓዳት (ኮዲ፡ መልበሶ፡ ሸኻ፡ ጉሽ፡ ሓዲሽ ዓዲ፡ ዋስደምባ) ከኣ በብእዋኑን ከከም ኣድላይነቱን ኣብ ዝተጸውዑሉ ጊዜን ሓዋርያዊ ኣገልግሎት የወፍዩ ነበሩ።

* 1970.07.07 * መንግሥቲ ኢትዮጵያ፡ ነዚን ዝስዕባ 6 ዓድታት ማለት፡ ጎሉ፡ ይግዓር፡ ጉራሩቕ፡ ጉባ ለገድረ፡ ኮዲ፡ መልበሶ፡ ናብ ውሽጢ ዒላበርዕድ ኣብ ሓደ ብስም “ደባልቆ” ኪፍለጥ ዝጀመረ ቦታ ክእከባ ኣወጀ።

* 1970.07.07 * ኣባ እስጢፋኖስ ብርሃነ ነቶም ድሮ ኣብ ዓዓዶም እንከለዉ፡ በብእዋኑ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ዝገብሩሎም ዝነበሩ ምእመናን፡ ብትእዛዝ መንግሥቲ ናብ ደባልቆ ምስ ተኣከቡ፡ ካብ ዒላበርዕድ እናተመላለሱ ብፍሉይ ቆላሕታ ኬገልግሉዎም ጀመሩ። ብመንፈስ ይጓስዩዎምን የጸናንዕዎምን፡ ከም ክእለቶም ከኣ ዘድሊ ማኅበራዊ ሓገዝ እውን የወፍዩሎም ነበሩ።

* 1975.07.28 * ኣባ እስጢፋኖስ ብሰንኪቲ ካብ ኣሥመራ ለሚኖም ነቲ ጽጉምን ካብ ዓዱ ተመዛቢሉን ዝነበረ ሕዝቢ ኪዕደል ዜምጽእዎ ዝነበሩ ገንዘብ፡ ከም ገበነኛ ተቈጺሮም በዚ ዕለትዚ ተታሒዞም ኻኽልተ ሰሙን ኣብ ቤት ማሕቡስ ከረን ተኣሰሩ።

* 1976.03.30 * በዚ ዕለትዚ ሓንቲ 2.185.00 ብር ዝወድኤት፡ 3.50 ሜትር ዝቑመታ፡ 6.00 ሜትር ዝግፍሓ፡ 12.00 ሜትር ድማ ዝንውሓታ፡ ንእሽቶ ቤት ጸሎት ኣብ ደባልቆ ብትግሃት ኣባ እስጢፋኖስ ብርሃነን ምትኅብባር ገሊኣቶም ደቂ ዓድን ተሰረተት።

* 1976.06.12 * በዚ ዕለትዚ እታ ኻኽትዛዘም ክልተ ወርሒ ዝኣክል ዝወሰደት ንእሽቶ ቤት ጸሎት፡ ብጭቃ ዝተሰርሐ ብሎኮቲ ተነዲቓ፡ ብዚንጎ ተኸዲና፡ ብስሚንቶ ተለሲና፡ ንጽምብል በቕዐት።

* 1977.01.14 * ኣባ እስጢፋኖስ ብርሃነ፡ ብሰንኪ ውግእ ብምኽንያት ምዕናው ቤተ ክርስቲያን መድኃኔ ዓለም - ካምፖ፡ ናብ ደባልቆ (ኤደን) ገዓዙ።

* 1977.10.04 * ምትሕልላፍ ቊምስናታት ኣርባዕቱ እንስሳ ተሮንኪን፡ ደብረ ቊስቋም ሽዕብን፡ ናብ ማኅበር ንኡሳን ኣኃው ካፑቺን።

* 1977.10.13 * ምምዳብ ናይ ኣባ ኃይለሚካኤል ተኽለሃይማኖት፡ ከም መጠን ቆሞስ ኣርባዕቱ እንስሳ ተሮንኪን ኣብ ከባቢኣን ዘሎዋ ኣብያተ ጸሎትን።

* 1981.02.08 * ቆሞስ ኣባ ቴድሮስ ምስ ነበርቲ ደቂ ዓዲ ተሰማሚዖም፡ እቲ ናይ ቀደም “ደባልቆ” ዝብል ስም ተሪፉ ናብ መንግሥቲ ጠለብ ብምቕራብ፡ “ኤደን” ብዝብል መጸውዒ ስም ተክኡ።

* 1981.11.17 * ምጅማር ቤት ትምህርቲ ኣቡነ ዮሴፍ ካራራ ኣብ ዳስ።

* 1983.04.18 * ደናግል ካፑቺነ ናብ ኤደን ኣትየን ኣብ ሓንቲ ኣጕዶ ኪቕመጣ ጀመራ።

* 1986.06.24 * ኣብ ጥቓታ ብጭቃ ተሓኒጻ ዝነበረት ቤተ ጸሎት፡ ሓዳስ ቤተ ክርስቲያን ብጽሩብ እምኒ ኻኺትሕነጽ፡ ምኹዓት መሰረት ተጀመረ። ካብዚ ዕለትዚ ክሳብ መፈጸምታ ሕንጻ ቤተ ክርስቲያን፡ ን20 ዓመት ዚኣክል ብዓቢይ ክእለትን ልዙብ ጠባይን፡ ኻኹሉ ስራሕ ዝመርሕዎ ኣቶ ኢሳይያስ ገብረሥላሴ ኢዮም።

* 1986.07.30 * ናይ ሓዳስ ቤተ ክርስቲያን ናይ መሰረት መንደቕ ተጀመረ።

* 1986.09.17 * ካብ ከተማ ደቀምሓረ ብዝመጹ ሠለስተ ክኢላታት ምስ ሓድሓደ መንቋሕቋሕታ ዘሎዎም ደቂ ዓዲ፡ ብውሕሉል ኣገባብ ምጽራብ እምኒ ተጀመረ።

* 1986.11.11 * 8 ክፍልታትን ሓንቲ ኣዳራሽን ምስ መሳለጥያታትን ዝሓዘት ሓዳስ ቤት ትምህርቲ ብብሎኬቲ ኣብ ግራት እንዳቦይ እማን ኪትሕነጽ ጀመረት።

* 1987.07.09 * ብእምኒ ዝተሰርሐ ዘመናዊ ሕንጻ እንዳ ደናግል ተመረቐ።

* 1987.12.28 * ዓሰርተ ሽዱሽተ ክፍልታት ምስ ኵሉ መሳለጥያታትን ዝሓዘ ሓዲስ ገዳም ማኅበር ካፑቺን ብዘመናዊ ኣገባብ ኪስራሕ ጀሚሩ።

* 1988.01.17 * ተራድኦ ድርጅታት ሚስዮንን ክነዋንን (40.000 ብር) ማኅበር ካፑቺንን (130.000 ብር) ብዘወፈይዎ ሓገዝ ቤተ ክርስቲያን ኣርባዕቱ እንስሳ ተሮንኪ ተሓኒጻ፡ በዚ ዕለትዚ ተመረቐት።

* 1995.01.22 * ብትካል ሚዘረዮር ዝተመወለ (691.000 ብር) መስመር ኣገልግሎት ማይ፡ ካብ ዓዲ ፓስካል ንከተማ ኤደን ተዘርጊሑ ተመሪቑ። እዚ ስራሕዚ ናይ 122 ሜትር ዂዒብ ማይ ዝሕዝ ቫስካን ሠለስተ ኪሎመትር ዝምንዋሑ መስመርን ዘጠቓልል ኢዩ።

* 1995.04.05 * ነቲ ብኣባ ታርቺዝዮ ፒየሪኒ ተነዲፉ፡ ብጆመትራ ክብርኣብ ገብረመስቀል ዝተሳእለ ሕንጻ ቤተ ክርስቲያን፡ ብኢንጀነር ፍራንኮ ማሶላ መጽናዕታውን ሞያውን ምምሕያሽ ተገብረሉ።

* 2003.03.04 * ብሲኞራ ቫለርያ ራጺኒ ዝተመወለ መኣከብ ሕዝቢ ኣዳራሽን ማእከል መንእሰያትን ተመረቐ።

*** 2005.03.23 * እንካብ ወጻኢ ብዝተጠልበ ዕንጨይትን**